
## ጠለባትና

ንሕና ንሓትት
- ብድላይ ዝግበር ምኽንያት ዘይብሉ ቁፅር ዘይምህላው
- ውሕስነት ንናይ ዉልቕኻ ክፍሊ
- ንጹርን ግልጽን ሕግታት
- ናጻ ናይ ቅሬታ ወይ ናይ ጥርዓን ኣካላት
- ንኹሉ ሰብ ዝባጻሕ ናይ ምኽሪ ኣገልጉሎት
- ዝያዳ ናይ ውሳነ ተሳትፎ ብተቐማጦ ንኣብነት ብተቐማጦ ዝቖመ ቤት ምኽሪ
- ሰብኣዊ ክብሪ ዘለዎ ናብራ
- ምኽባር እቶም ዝትሓቱ መሰረታዊ ናይ ናብራ መዐቀኒ

ተወሳኺ :-
- ናይ ትምህርትን ቛንቛን ዕድላት ምርካብ
- ናይ ስራሕን ሞያን ዕድላት ምርካብ
- ኣድልዎ ወይ ተነጽሎ ምውጋድ
- ንርእሰ ውድባትን ተበግሶታትን ደገፍ ምሃብ



## ተሳትፎ ናይ ምርካብ ተስፋታት

**ተሳትፎ ወይ ውህደት ምስ ሕብረተሰብ ዝዕወት ሰባት ብሓቂ ክሳተፉ ምስ ዝኽእሉ ጥራይ እዩ። ተሳትፎን ውህደትን ድማ ብማዕረ ዕድላት ስራሕ፡ ትምህርቲ፡ መንበሪ ኣባይትን ማሕበራዊ ህይወትን፡ ከምኡ እውን ነቶም ትካላዊ ዕንቅፋታት ብምውጋድ እዩ።**

ሰባት ኣብ ዓበይቲ መዕቆቢ ቦታታት (ትካላት) ንነዊሕ እዋን ክጸንሑ የብሎምን።

**ኣገደስቲ ነገራት፦**
- ቀልጢፍካ ናይ ዉልቂ መንበሪ ገዛ ምርካብ።
- ኣብ ከተማታትን ወረዳታትን ምንባር
- ደገፍን ማሕበራዊ ርክባትን ኣብቲ ዘለዉዎ ቦታ

**እቲ ዋና ዛዕባ ብዛዕባ ሰብኣዊ ክብርን ሰባት ብከመይ ይተሓዙ ዝብል መሰረታዊ ሕቶን እዩ። ግላዊ ህይወት፡ክብሪ ፡ ከምኡ እውን ርእሰ-ውሳነ ከም ተወሳኺ ህያብ ዘይኮኑስ መሰረታዊ መሰላት እዮም።**

**እዚ መሰላት እዚኦም ኣብ ኩሉ ቦታ የገልግል ። ወላ ውን ኣብቲ ናይ ሓባር መዕቆቢ ቦታታት ከይተረፈ መሰላት ኣለካ።**

## መሰላት ኣለኩም

**ንስኻ ሓይሊ የብልክን ማለት ኣይኮነን**

**ትኽእል ኢኻ:**
- መሰላትካ ፍለጥ
- መሰላትካ ጥለቦም
- ንርእስኻ ተጣበቕ
- ደገፍ ርኸብ
- ተሳተፍ

**ብወለንታ** ዝግበር ንጥፈታት ብስደተኛታትን ንስደተኛታትን፡ ሓደ ካብቶም መሰረታውያን ኣዕኑድ ውህደት እዩ። ቋንቋ ንምምሃር ይሕግዝ፡ ማሕበራዊ ርክባት የቃልል፡ ከምኡ እውን ነቲ ናይ ርእሰ-ምትእምማን ስምዒት የሐይል። ብተወሳኺ ድማ ነቶም ኣሉታዊ ኣመለኻኽታታት የወግድ። ምስ ካልኦት ጉጅለታትን ንጡፋት ሰባትን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ክትራኸብን ክትተኣሳሰርን ትኽእል ኢኻ። ምስ ካልኦት ብሓባር ኬንካ ለውጢ ክተምጽእ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ብራንደንበርግ (Brandenburg) ብዙሓት ሰባት ብወለንታ ይሳተፉ እዮም፦ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ማሕበራት፡ ባህላዊ ቦታታት፡ ስፖርታዊ ክለባት፡ መዕቆቢ ኣረጋውያን፡ ተበግሶታት፡ ናይ ስደተኛታት ርእሰ-ውድባትን ኣብ ካልእ ብዙሕን።

ምናልባት ኣብቲ ትነብረሉ ቦታ እውን ዝተወደቡ ጉጅለታት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣብቲ ናይ ምኽሪ ማእከላት ተወከስ ።እቲ ህዝባዊ ተሳትፎ ብዙሕ ዓይነት እዩ። ሕብረተሰብና ብሓባር ብምንባርን ኣብ ኩሉ ኩነታት ህይወት ንሓድሕድካ ብምድግጋፍን እዩ ዝመሓደር።

ናይዞም ናይ ሓገዝ ኣድራሻታት ኣብቲ ናይ ኢንተርነት ገጽ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ብራንደንበርግ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ ፍላይር ከም ኣካል ናይቲ ኔትወርክ ፕሮጀክት “ምምሕያሽ ኩነታት ኣቀባብላ ናይቶም ሓለዋ ዝደልዩ ሰባት፡ ነቶም ኣብ ብራንደንበርግ ሓለዋ ክረኽቡ መሰል ዘለዎምን ንግዚኡ ሓለዋ ክረኽቡ መሰል ዘለዎምን” (VASiB ብሓጺሩ) ናይ ምትሕብባር ስደተኛታት ኣብ ብራንደንበርግ (KFB) ዝተፈጥረ እዩ።

ብዛዕባ ፕሮጀክት VASiBን KFBን ዝያዳ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ፤
**www.kooperation-für-flüchtlinge-in-brandenburg.de**

KOOPERATION FÜR FLÜCHTLINGE IN BRANDENBURG

እቲ KFB ዘጠቓልል፤

KommMit FÜR GEFLÜCHTETE UND MIGRANT:INNEN E.V.

PSZ PSYCHOSOZIALES ZENTRUM FÜR GEFLÜCHTETE IM LAND BRANDENBURG

flüchtlingsrat brandenburg

KIRCHENKREIS Wittstock-Ruppin

Hoffnungstaler Stiftung Lobetal
Bethel

EVANGELISCHER KIRCHENKREIS Oberes Havelland

Einsetzen statt Aussetzen ESTAruppin e.V.

b-tu Brandenburgische Technische Universität Cottbus - Senftenberg

ብዛዕባ ምንባር ኣብ ብርንዳንበርግ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

**www.fluechtlingsrat-brandenburg.de/gutes-wohnen-fuer-alle**

ፕሮጀክትን ፍላይርን VASiB ብ ዝምወል፤

Kofinanziert von der Europäischen Union

Gefördert durch:

LAND BRANDENBURG
Ministerium des Innern und für Kommunales

UNO FLÜCHTLINGSHILFE

EVANGELISCHE KIRCHE Berlin-Brandenburg-schlesische Oberlausitz

Diakonie Katastrophenhilfe

abri porta

ኣብ መጀመርያ መቐበሊ ማእከላትን ናይ ሓባር መንበሪታትን

# መሰላት ምህላው ::

# መሰላት ኣብ ግብሪ ንምውዓል።



KOOPERATION FÜR FLÜCHTLINGE IN BRANDENBURG

## ንስኻ ከተማልኦም ዘለካ ግዴታታት ጥራይ ዘይኮነ ፡ ዝግብኡኻ መሰላት ውን ኣለዉኻ።

ብፍላይ ድሕሪ እቲ ከቢድን ነዊሕን ናይ ስደት መንገዲ ንስኻ ኣብ ሓደ ናይ ሓባርዊ መአከቢ መንበሪ ትቕመጥ ኣለኻ ። ሰባት ኣብዚ ጊዜ እዚ ከም ዘይምቑእ፡ ዘይዉሕሱ፡ኣሸጋሪን ሕግን ቁጽጽርን ዝበዝሖ ከምኡ ውን ውልቃውነት ወይ ውን ስቱርነት ዘይብሉ ኮይኑ እዩ ዝስምዖም።


**ኣገዳሲ ግን ፡ ወላ ኣብዚ ቦታ እዚ እንተ ኾነ ውን እቲ መሰረታዊ መሰላትካ ክውሃበካ ግድን እዩ።**

ንስኻ እትቕመጥ ጥራይ ዘይኮንካ ፦ ክብረት ፡ መሰላትን ዘለዎ ሰብ ውን ኢኻ።ከምተወሳኺ ውን፦ ምኽባር ዕቑባ ፡ ሕጊን ምክልኻል ካብ ዓልየታውነትን ኣድልዎን መሰል ዘሎካ ሰብ ኢኻ። ኣብ ጀርመን እዞም መሰረታውያን መሰላት ዝብሃሉ፡ - ከም ሃይማኖት፡ መንበሪን ጾታዊ ዝንባለን ብዘየገድስ ንኹሎም ሰባት ብማዕረ እዮም ዝምልከቱ።

**እቶም መሰላት ብሓጺሩእዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልሉ እዮም ፦**

1. ሰብኣዊ ክብረት
2. ናይ ውልቀ ሰብ ሓርነት
3. ማዕርነት ኣብ ቅድሚ ሕጊ
4. ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነትን ናጽነት ፕረስን
5. ናይ ምእካብ ናጽነት
6. ምክልኻል ካብ ሓዳራውን ስድራቤታውን ጎንጺ።
7. ናይ እምነት ናጽነት
8. ዘይግሃስ ናይ መንበሪ ገዛ መሰል
9. ሓበሬታ ምርካብ
10. ሓፈሻዊ መሰል ስብኣውነት

እዞም መሰላት እዚኦም ብቐሊሉ ክቕየሩ ወይ ክውገዱ ኣይፍቀድን። ጣልቃ ምእታው ወይ ነዚ ምጥሓስ ዚፍቀድ ንጹር ሕጋዊ ምኽንያት እንተ ኣልይዎን ኣድላዪን ሚዛናውን እንተ ኾይኑን ጥራይ እዩ!!



## ኣብ ሓባራዊ መዕረፊን ሓባራዊ መአከብን ዘሎ ሓቂ፥

እዚ ዓይነት መዕረፊ እዚ ንብዙሓት ሰባት ንመጻኢኦም ኪቌጻጸርዎ ኸም ዘይክእሉ ኾይኑ ስለ ዚስምዖም ብስነ-ኣእምሮኣዊ መዳይ ኣዝዩ ዜጨንቕን ዘደክምን እዩ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ምንባር ወይ ምህላው ፦ ከም ኣዝዩ ከቢድን ዘይክኣልን ክመስል ይኽእል እዩ። ብዙሓት በዚ መንበሪ እዚ ዝሓለፉ ተመሳሳሊ ተመክሮታት ከም ዘለዎም ይገልጹ፦

- ጸቢብ ናይ ሓባር ኽፍልታት
- ኣዝዩ ዉሑድ ናይ ብሕቲ ክፍሊ
- ብዙሕ ብሩሃት ወይ ንጹራት ዘይኮኑ ሕግታት
- ብሰራሕተኛታት ጸጥታ ዚግበር ቁፅጽር
- ኣብ መዓልታዊ ናብራ ምጥርጣር
- ፍርሂ ነቲ ብድሕሪ ጥርዓናት ዘሎ ሳዕቤን
- ጽኑዕ ትውክልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈታት
- ዕረፍቲ የለን

**ኣገዳሲ ግን፦ ገሊኡ ሕግታትን መምርሒታትን ንናጽነትካ ይቆጻጸሮን ይቕይዶን እዩ። ይኹን እምበር ሰበ-ስልጣንን ሰራሕተኛታት ቤት ጽሕፈትን ብሃውሪ ኺፍጽሙ ኣይፍቀደሎምን እዩ ።ሕጊ ከኽብሩ ድማ ግዴታ ኣለዎም።** ብዛዕባ ሕግታት ናይቲ ገዛ ሕተት ።ናብቲ መሳለጥያ ወይ መንበሪ ምስ መጻኻ ብቑንቋኻ ዝተዳለወ ክውሃበካ ክኽእል ኣለዎ። ሕግታት ገዛ ኣብ መንበሪ ብሓባር ንምንባር ሕግታት የውጽእ። መሰላትን ግዴታታትን ዝሓዘ ውን እዩ። እዚ ድማ ንኹሎም ተቐማጦ ብማዕረ ዝምልከት እዩ።

ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ብራንደንበርግ ከምኡ'ውን መርበብ VASiB ኣብ ብራንደንበርግ ካብ ዝኣተኻሉ እዋን ኣትሒዝካ ብዛዕባ መሰላትካ ሓበሬታት፡ ምኽሪን ደገፍን ንኽትረክብ ይሰርሕን የሰንየካን።

**ነዚ መሰላት እዚ ምርካብን ኣብ ግብሪ ምውዓልን ኣዝዩ ኣጸጋሚ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ስለዚ እዚ መሐበሪ ጽሑፍ እዚ ኣብ መገድኻ ንዓኻ ንምትብባዕ፦ ንገዛእ ርእስኻ ንኽትጣበቕ፡ ክትሳተፍ ከምኡውን በደል ወይ ቅሬታ እንተ ኣጋጢሙካ ድምጽኻ ዓው ንምባል ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ።**

## ምቊጽጻር ንጹር ዝኾነ ገደብ ኣለዎ።

ኣብ ሓባራዊ መሕደሪ እውን ከይተረፈ ክፍልኻ ዋላ እውን ምስካልኦት እንተ ተካፈልካዮ ናይ ብሕቲ ቦታኻ እዩ!

**እዚ ማለት ፦**

- ዝኾነ ሰብ ብዘይ ምኽንያት ክኣቱ ኣይፍቀድን
- ብዘይ ቀረብ መሰረታዊ ሕጋውነት ምፍታሽ ኣይፍቀድን
- ንውልቃዊ ንብረትካ ብዘይፍቓድ ምፍታሽ ኣይፍቀድን

**እዞም ዝስዕቡ መብዛሕትኡ ግዜ ጸገም ዘለዎም ወይ ዘይቅቡላትን እዮም፦**

- ብዘይ ምኽንያት ናብ ክፍልታት ምእታው
- ንጹር መሰረት ዘይብሉ ተፍትሽ
- ቁጽጽር ናይ ግሊ ወይ ናይ ብሕቲ ንብረት
- ፖስጣ ምኽፋት ወይ ምሓዝ
- ሓበራዊ ምእጋድ ወይ ምውሓድ በጻሕቲ ብዘይ ምኽንያት
- ካሜራታት ኣብ እንዳ ሳሎን ወይ ኣብ መዘናግዒ ወይ መዕረፊ ክፍልታት
- ብዘይ ምኽንያት ተደጋጋሚ ናይ ህላውነት ቁፅር ምግባር

**ከምዚ ዝኣመሰለ ጣልቃ ምእታው ወትሩ ርትዓውን መረጋገጺ ዘለዎን ክኸውን ኣለዎ።**

## መዓልታዊ ህይወትካን – መሰላትካን

**ንስኻ እዞም ዝስዕቡመሰላት ኣለዉኻ፦**

- ውልቃውነትን ብሕታውነትን( ጽምዋ ኣብትደልየሉ ግዜ)
- ምብጻሕን ማሕበራዊ ርክባትን
- ሓበሬታ ምርካብን መራኸቢ ብዙሃንን
- ኣኽብሮት ዝመልኦ ኣተሓሕዛ

**እዞም ዝስዕቡ ይፍቀዱኻ ፦**

- ዜና ምንባብ
- ኢንተርነት ምጥቃም
- ንነብስኻ ብነጻ ሓበሬታ ምርካብ

**ሓበሬታ ኣገዳሲ እዩ። ፍልጠት ውን ሓይሊ እዩ!**
**መሰላትካን ሓላፍነታትካን እንተፈሊጥካ፦ ንገዛእ ርእስኻ ንኽትከላኸልን ክትዕቅብን ኪሕግዘካ ይኽእል እዩ።**

## ክትጠርዕ መሰልካ እዩ።

**ጥርዓን ወይ ምጥራዕ ጌጋ ኣካይዳ ኣይኰነን። ስጉምቲ ኽትወስድ ትኽእል ኢኻ።**

ብዙሓት ሰባት ኣሉታዊ ሳዕቤናት ከየጋጥም የፍርሆም እዩ። እዚ ፍርሂ እዚ ርዱእ እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ እዩ ደገፍ ምርካብ ኣገዳሲ ዝኾነ ። ንኣብነት ካብ ናጻ ናይ ምኽሪ ማእከላት ወይ ተበግሶታት ሓገዝ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ምኽሪ ማእከላት ኣብ ብራንደንበርግ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ብራንደንበርግ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። በይንኻ ክትጓዓዝ ኣየድልየካን እዩ።

**ብዙሓት ሰባት ,, ወላ ሓንቲ ክገብር ኣይክእልን እየ ,, ኢሎም ይሓስቡ እዮም። እዚ ስምዒት እዚ ርዱእ እኳ እንተ ኾነ ሓቂ ግን ኣይኰነን።**


**ብዙሓት ኣማራጺታት ኣለካ**

- ሕቶታት ሕተትን መብርሂታት ጥለብን
- ንውሳነታት ሕተተሎም
- ጥርዓን ምቕራብ
- ሓገዝ ምድላይ
- ምኽሪ ምድላይ

**ዘጋጠሙ ፍጻመታት ምምዝጋብ ውን ኪሕግዝ ይኽእል እዩ፦**

- ዕለትን ሰዓትን
- እተሳተፉ ሰባት
- ብልክዕ እንታይ እዩ ኣጋጢሙ

**እዚ ድማ ግልጽነት ይፈጥር መሰላትካ ንኽተረጋግጽ ድማ ይሕግዘካ።**



## መበራትዒ፥- በይንኻ ኣይኰንካን

ብዙሕ ጸገማት ንዓኻ ጥራይ በይንኻ ኣየጋጥሙኻን እዮም ። ካልኦት ሰባት እውን ተመሳሳሊ ከምዚ ናትካ ተመክሮ የጋጥሞም እዩ ።

**እቲ ናይ ምንቃሕን ምብቃዕን ዕላማ ልክዕ ኣብዚ እዩ፦ ንሱ ድማ ንሓድሕድካ ንምትብባዕን ንምብቃዕን፡ ፍልጠትን ሓበሬታን ንምክፋል፡ ከምኡ እውን ተመክሮታት ንምልውዋጥ እዩ፤ እዚ ድማ ብሓባር ዝበለጸ ናይ ምስራሕን ለውጢ ናይ ምምጻእን ዓቕሚ ንምህላው ይሕግዝ።**
ምብርታዕ ወይ ምትብባዕ ማለት ብሓባር ንመሰልካ ምቅላስን ድምጽኻ ምስማዕን ማለት እዩ።
ሰባት ክሓብሩ ከለዉ፡ ዝያዳ ሓይሊ፡ ተራእዮነት ከምኡ'ውን ሕቶታቶም ብዝበለጸ ንምቕራብን ለውጢ ንምምጻእን ዝያዳ ዕድል ይረኽቡ።


ስለዚ ብሓባር ምስራሕ ኪበሃል ከሎ ምስ ካልኦት ተቐማጦ ብንጥፈት ምይይጥ ምግባር ማለት እዩ፦ እንታይ ተመክሮ እዩ ዘለዎም? ኣብ ምንታይ ኣሎ ናይ ሓባር ዘማሳስለና ? እንታይ ጸገማት እዩ ብተደጋጋሚ ዜጋጥም ? ካብዚ ናይ ሓሳብ ምልውዋጥ እዚ፦ ዝድገፍን ዘበራትዕን ሓባራዊ ምትሕግጋዝ ከምጽእ ይኽእል እዩ።

**ብሓባር ኴንኩም ንሓድሕድኩም ክትደጋገፉ ጠለባት ከተቕርቡ ከምኡውን ምምሕያሽ እትገብረሉ መገድታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ስደተኛታት ማሕበራት እውን ኣብዚ መዳይ እዚ ዓብዪ ግደ ኣለወን። ገዛእ ርእሶም ስደተኛታት ወይ ናይ ስደት ተመክሮ ዘለዎም ሰባት ፡ ተበግሶታትን ማሕበራትን ኣለዉ ። ኣብኡ ድማ ደገፍ ክትረክብ ምእንታን ክትሳተፍን ምስ ካልኦት ክትሓብርን ትኽእል ኢኻ።**

**ምትብባዕ ወይ ምብርታዕ ማለት -**

- ንሓድሕድና ምብርታዕ ወይ ምድግጋፍ
- ፍልጠት ምክፋል
- ተመክሮ ምልውዋጥ
- ንናይ ገዛእ ርእስኻ መሰላት ብሓባር ደው ምባል
- ድምጽኻ ምስማዕ
- ሓባራዊ ንጥፈታት

**ሰባት ብሓባር እንተተ ወዲቦም ዝያዳ ብርታዐን ትርኢትን እዩ ዝፈጥር። በይንኻ ንለውጢ ሳሕቲ እዩ ዝሳኻዕ። ብሓባር ንለውጢ ግን ዝያዳ ኺርከብ ይከኣል እዩ።**



## ኣብ ክንዲ ምግልጋል ተሳትፎ

**ኩሎም ሰባት ብማዕረ ኣብ ናብራ ንኽሳተፉ ማዕረ መሰል ክህልዎም ይግባእ።**

ተሳትፎ ማለት ኩሎም ሰባት ኩነታት መንበሪኦም ብዘየገድስ ፦ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ክሳተፉ፡ሓሳቦም ክዛረቡ ከምኡውን ህይወቶም ብገዛእ ርእሶም ክማእዝኑ ይኽእሉ ማለት ኢዩ። ትሳትፎ ኣብ ሕብረተሰብ ወይ ማሕበራዊ ናብራ ፦ ዝኾነ ሰብ ናይ ስራሕ ፡ትምህርቲ፡ባህልን መዘናግዕን ብዘይ ዝኾነ ኣግልሎን ዓሌታዊ ተነጽሎን ምርካብ ዘጠቓልል እዩ።

## ግድን ክቕየር ዘለዎ

ብዙሓት ትካላት መንግስቲ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ቁጽጽርን ምምሕዳርን ዝተመስረታ እየን፣ እቶም ሕጋዊ ቀይዲታት ድማ ንተሳትፎ ዝያዳ የጸግምዎ።

**ኣብ ክንዳኡ ከምዚ ዚስዕብ እዩ ዘድሊ።**

- ዝያዳ መሰላትን ናይ ውሳነ ተሳትፎን
- ብዘይ እኹል ምኽንያት ዝግበር ቁፅር ምቕናስ
- ዝበለጸ ናይ ምኽሪ ኣገልጉሎት ምርካብ
- ግልጽን ፍትሓውን መስርሕ
- ማዕረ ዕድላት ንኹሉ

ሰባት ካብ መጀመርታኦም ክሳተፉ ኣለዎም።